## Enheten för flerspråkighet, EFF

- ትምህርቲ ቋንቋ ኣደ ኣብ መባእታ፡ ማእከላይን ካልኣይን ደረጃ ቤት ትምህርቲ ከምኡ እውን ኣብ ፍሉይ ቤት ትምህርቲ (särskola)
- ደገፍ ብቛንቋ ኣደ ኣብ መዋእለ ህጻናት
- ደገፍ ንኻልእ ዓይነት ትምህርቲ ብቛንቋ ኣደ
- መላለዪ ሓበሬታ ብቛንቋ ኣደ
- ገምጋም ናይ ትምህርቲ ድሕረ-ባይታኻ ብቛንቋኻ
- ኣብ ቋንቋ ኣደ ዘለካ ክእለት ንምግምጋም ዝግበር ፈተና

**Enheten för flerspråkighet**
flersprakighet@uppsala.se
018-727 20 26
Uppsala kommun

# ትምህርቲ ቋንቋ ኣደ



**መባእታውን ፍሉይ መባእታዊ ቤት ትምህርትን**

ቋንቋ ኣደ ኣብ ግዜ ናይ መባእታዊ ቤት ትምህርቲ ፣ ክትማሃሮ ዝከኣል ዓይነት ትምህርቲ እዩ።



**ካልኣይ ደረጃን ፍሉይ ካልኣይ ደረጃ ቤት ትምህርትን**

ቋንቋ ኣደ ከም ርእሱ ዝኸኣለ ዓይነት ትምህርቲ ፣ ክትማሃሮ ይከኣል እዩ።



**ሃገራዊ ናይ ዉሑዳን ቋንቋታት**

ኣብ ምምሕዳር ከተማ ኡፕሳላ ከም ቋንቋ ኣደ ኮይኖም ዚዝረቡ፡ ሃገራዊ ናይ ዉሑዳን ቋንቋታት ።



**መዋእለ ህጻናት**

ብመንገዲ መምህራን ህጻናት ብዝግበር ምዝገባ፡ ንህጻናት ብቛንቋ ኣዲኦም ዝወሃብ ደገፍ።

flersprakighet.uppsala.se

Uppsala kommun

## መን እዩ ቋንቋ ኣደ ክማሃር ዝፍቀደሉ?

( እዚ ሕቶ'ዚ ነተን ብደረጃ ሃገር ዝፍለጣ ናይ ውሑዳን ቋንቋታታ ኣይምልከትን እዩ)

ሓደ ተምሃራይ፡ ሓደ ካብ ወለዱ (ኣለይቱ)፡ ቋንቋኡ ኣብ ክንዲ ሽወደን ካልእ ምስ ዝኸውን፡ ቋንቋ ኣደ ናይ ምምሃር ዕድል ንኽዋሃቦ:

1. እቲ ቋንቋ፡ ኣብ ገዝኦም ቀንዲ መረዳድኢ ቋንቋ እንተ ደኣ ኮይኑን፡
2. እቲ ተማሃራይ ከኣ፡ መሰረታዊ ዝኾነ ፍልጠት ብዛዕባ እቲ ቋንቋ ኣደ ምስ ዝህልዎን እዩ። እዚ ማለት ከኣ፡ ሓደ ተማሃራይ በቲ ቋንቋ ክዛረብን ክራዳዳእን ክኽእል ኣለዎ።

ትምህርቲ ቋንቋ ኣደ ብቛንቋ ኣደ ዝዋሃብ ኮይኑ፡ ሃገራዊ መደብ ትምህርቲ እዩ ዝኽተል።

## ሃገራዊ ናይ ዉሑዳን ቋንቋታት

ኣብ ሽውደን ዘለዉ ውሑዳን ቋንቋታት እዞም ዝስዕቡ እዮም፡-

ቋንቋ ፊንላንድ፡ ሚንኪዬሊ፡ ሳሚ፡ ሮማንያን ዪዲሽን እዮም።

ሃገራዊ ቋንቋ ውሑዳን ንኽትመሃር፡ ኣባል ወይ ተወላዲ ናይዞም ውሑዳን ህዝብታት ክትከውን ኣለካ። ግን እቲ ተማሃራይ፡ ነቲ ቋንቋ ኣብ ገዛ ክጥቀመሉን መሰረታዊ ዝኾነ ፍልጠት ብዛዕባቲ ቋንቋ ክህልዎን ግድን ኣይኮነን።

ክልተ ዓይነት መደብ ትምህርቲ ኣሎ። ስለዚ ከተመልከት ከለኻ፡ ከም ጀማራይ ወይ ከኣ ከም ተዛራቢ ናይቲ ቋንቋ ክትመርጽ ትኽእል ኢኻ።

ኣብ ኡፕሳላ ትምህርቲ ቋንቋ ኣደ፡ ብመገዲ Enheten för flerspråkighet (EFF) ኢዩ ዝዋሃብ።

## መሰረታዊ ኣፍልጦ

ብዘይካ እቶም ናይ ሽወደን ውሑዳን ቋንቋታት፡ (minoritetsspråken) ኣብ ኩሎም ቋንቋታት መሰረታዊ ኣፍልጦ (ኣምር) ናይቲ ቋንቋ ክህሉ ይድለ። መምህር ድማ ነቲ መሰረታዊ ዓቕሚ ተማሃሮ ምስ ምጅማር ትምህርቲ ኣተሓሒዙ ይግምግሞ። ብተወሳኺ ውን ናይ ምስማዕን ምዝራብን ዓቕሞም ይምዘን። ሓበሬታ ብዛዕባ መሰረታዊ ኣፍልጦ ቋንቋ ኣደ፡ እንታይ ምኧኑ ክትፈልጡ ንእትደልዩ፡ ኣብ ድሕረ ገጽ ናይ EFF (flersprakighet.uppsala.se) ክትረኽብዎ ትኽእሉ ኢኹም።

## ብኸምዚ ዝስዕብ ምምልካት ይከኣል

ምልከታ ዘቕርብ ወላዲ ወይ ድማ ኣላዩ ተማሃራይ እዩ። መመልከቲ ወረቐት (ቅጥዒ) ኣብ ቤትምህርቲ ወይ ድማ ኣብ መርበብ ሓበሬታ ናይ EFF (flersprakighet.uppsala.se) ክርከብ ይከኣል። ነቲ ቅጥዒ መሊእካ፡ ፈሪምካ ናብ ቤት ትምህርቲ እቲ ተመሃራይ ኣቕርቦ። እቲ ርእሰ-መምህራን (ዳይረክተር) ነቲ ምልከታ ምስ ኣጽደቖ፡ እቲ ቤት ትምህርቲ ድማ ነቲ ምልከታ ናብ EFF ይሰዶ። ምልከታ ቅድሚ 15 ሰነ ናይቲ ዝመጽእ ዓመተ-ትምህርቲ ክኸውን ኣለዎ። ድሕሪ 15 ሰነ ንዚቐርብ ምልከታ፡ ቦታ ናይ ምርካብ ውሕስነት የብሉን።

## ትምህርቲ ብኸምዚ ዝስዕብ ኣገባብ ይካየድ

ኣብ ኡፕሳላ ትምህርቲ ቋንቋ ኣደ፡ ድሕሪ ምዱብ ግዜ ትምህርቲ ኢዩ ዝወሃብ። ካብ ቅድመ ትምህርቲ ክሳብ ሓምሻይ ክፍሊ ዘለዉ ተመሃሮ (F-5)፡ ቋንቋ ኣደ ኣብ ቤት ትምህርቶም ይመሃርዎ። ካብ ሻድሻይ ክሳብ ታሽዓይ ክፍሊ ዘለዉ ተመሃሮ (6-9)፡ ኣብቲ ዝተመደበሎም ቤት ትምህርቲ (ማእከላይ ቦታ) ብሓባር ይመሃሩ። እቲ ተመሃራይ ናይ ኣውቶቡስ ትኬት ምስ ዘይህልዎ፡ ካብ ናይ ቋንቋ ኣደ መምህሩ፡ ትኬት ክወስድ ይኽእል።

## ንዝያዳ ሓበሬታ

ኣብ መርበብ ሓበሬታ ናይ EFF (flersprakighet.uppsala.se) ምውካስ ይከኣል።

flersprakighet.uppsala.se

ENHETEN FÖR FLERSPRÅKIGHET